**ne.ch**

RÉPUBLIQUE ET CANTON DE **NEUCHÂTEL**

**DÉPARTEMENT DE L'EMPLOI**
**ET DE LA COHÉSION SOCIALE**
SERVICE DE LA COHÉSION MULTICULTURELLE

ላ ሾ ደ ፎ፣ 12 ነሓሰ 17 août 2026

**መግለጺ ብዛዕባ ኣብ ማእከል ስድራቤት ዝትግበሩ ዓመጻት**

ኣብ ልዕሊ መጻምድትኻን ደቅኻን ዝፍጸም ዓመጽ ብሕጊ ስዊትዘርላንድ እተኸልከለን መሰረታዊ መሰላት ምጥሓስን ኢዩ።

ኣካላዊ ዓመጽን መውቃዕትን ጥራይ ኣይኰነን እተኸልከለ። ተደጋጋሚ ጠባያትን ቃላትን ናይ ምፍራሕ መንፈስ ዝፈጥሩ ኩነታት እውን፣ ከም: ውርደት፣ ምፍርራሕ፣ ንዘመድ ምርኣይ ወይ ምብጻሕ ምኽልካል፣ ዓመጽ ወይ ምሽጋር ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ገንዘብ መጻምድትኻ ብዘይ ፍቓዱ ምውሳድ ወይ ኣብ ወጻኢታት ገዛ ኣበርክቶ ዘይምግባር እውን ሓደ ዓይነት ዓመጽ ኢዩ። ሓደ መጻምድቲ ነቲ ካልኣዩ ብዘይ ስምምዕ ጾታዊ ርክብ ኪፍጽም እንተኣገዲዱዎ እዚ እውን ጾታዊ ዓመጽ ኢዩ።

እዚ ኹሉ ዓይነት ዓመጻት መቕጻዕቲ ኣለዎ። ኣብ ነውሰከፍ ሃገርን ቋንቋን ባህልን ዘሎ ኢዩ። ፖሊስ ዓመጽ ከጋጥም ከሎ ዋላ እውን ብዘይ ጥርዓን ጣልቃ ኪኣቱ ኣለዎ። .

ካብ ካልኦት ሃገራት ዝመጹ ዕሙጻት እሞ ኣብ ከባቢኦም ዝድግፍዎም ወይ ብኽመይ ድሕንነት ከም ዝሕልዉ ንኽርድኡ ዚሕግዝዎም ሰባት ዘይብሎም ግዳያት ብፍላይ ተነቀፍቲ ኢዮም። ካብ ፖሊስን ካብ ኣገልግሎት ደገፍ ግዳያትን ካብ ኣገልግሎት ብዙሕነት ባህልን ብቋንቋኦም ደገፍ ኪረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

ዓመጽ ዝፈጸሙ ሰባት ብፖሊስ ይእሰሩ፣ ብድሕሪኡ በቲ ዘጋጠመ ነገር ይሕተቱ። ከከም ክብደት ናይቲ ጉዳይ፣ ብሕጊ ኪኽሰሱ ኢዮም፣ ሕጊ ድማ መቕጻዕቲ ወይ ስጉምቲ ይወስድ። እዚ ድማ እቶም ሰባት ካልእ ተወሳኺ ገበን ንኸይፍጽሙ ይኽልክሎም።

በቲ ዘጋጠመ ጉዳይ፣ ኣዝማድ ወይ ኣዕሩኽ ኣብ ዘይምልከቶም ጉዳይ ኢዶም ከእትዉ የብሎምን። ብፍላይ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ወይ መልእኽትታት ንሓደ ሰብ ምኽሳስ፣ ምፍርራሕ ወይ ምሽጋር ክልኩል ኢዩ። እዚ ጠባያት እዚ፣ መስርሕ ይካየድ ይሃሉ ኣይሃሉ፣ ብሕጊ ከቕጽዕ ይኽእል ኢዩ።

ግሬጎሪ ጃኬ
ሓለቓ ኣገልግሎት

ምንጭታት
ፖሊስ ኖሻተል፣ ተለፎን 0328899000
ናይ ብዙሕነት ባህላዊ ስኒት ኣገልግሎት፣ እተተርጐመ ማሕበራዊ ምኽሪን ስቱርነትን፣ ተለፎን: 0328897442
ኣገልግሎት ሓገዝ ግዳያት፣ ተለፎን; 032 889 66 49
ንዝኾነ ሓፈሻዊ ሓበሬታ፣ 142

CH-2300 LA CHAUX-DE-FONDS   PLACE DE LA GARE 6
TÉL. 032 889 74 42   FAX 722 04 04   COSM@NE.CH   WWW.NE.CH/COSM